## ኣብ ኤርትራ እትዋት እኽሊ ጥራሕ ዘይኮነ፡

## ፍርያት ኣሕምልቲ ብሕጽረት ቀረብን ክብሪ ዋጋን ህዝቢ የማርር ከም ዘሎ ተገሊጹ።

*ኤርትራ ኣብ'ቲ ብሓያል ባህሪያዊ ደርቂ ዝተጠቕዓ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ትርከብ ምኻና፡ ዓያዪ ሓይሊ ሰባ ብሰርቲ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ዝኽተሎ ፖሊስን ዋሕዚ ስደትን ትጽንቅቕ ምህላዋን እናተፈልጠ፡ ባህሪያዊ ደርቂ ኣብ ኤርትራ ዝፈጥሮ ተጽዕኖ የለን። ሳላ መንግስቲ ዝተኸተሎ ፖሊሲ ርእስኻ ምኽኣልን ወፍሪ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተኸሲቱ ዘሎ ደርቅን ሳዕቤናቱን ዝጸልወና ኣይኮነን እናተባህለ ኣብ ዝምደረላ ኤርትራ፡ ቀረብ እኽሊ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ቀረብ ናይ'ቲ ብቀሊል ወጻኢ ክርከብ ዝኽእል፡ ኣሕምልቲ፡ ሽጉርቲ፡ ኮሚደረ፡ ድንሽ ብመልክዕ ኮትሮ ባንድ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ይኣቱ ከም ዘሎ ተፈሊጡ።*

*መጻወቲ ደላሎ ኮይኑ ዝጸንሐ ሃገራዊ ቁጠባ፡ ብምቕያርን ምቁጽጻርን ባጤራ ናቕፋ ተገቲኡ፡ ዕዳጋ ተረጋጊኡ ዜጋታት ዝደለይዎ ዓይነታት ኣሕምልቲ ብዝወሓደ ዋጋ ሸሚቶም ገዛኦም ዝምለስሉን ተዓንጊሎም ኣፎይታ ዝረኽብሉን ጥጡሕ ባይታ ተፈጢሩ ኣሎ ዝብል ፕሮፖጋንዳዊ ነፍሕታት ኣብ ዝንፈሓሉ ወቕቲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኣንጻሩ ጽሬቱ ዘይተሓለወ ዋጋኡ ኣዝዩ ዝኸበረ ፍርያት፡ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ብመልክዕ ኮንትሮ ባንድ ንዝኣተወ ሸሚቱ ክጥቀም ይግደድ ከም ዘሎን ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ካብ ካርቱም ሱዳን ሓቢሮም።*

## ህግደፍ ኢትዮጵያ ክትሃርመና ትዳሎ ኣላ ዝብል ጉልባብ ተጠቒሙ፡ ኣንጻረይ ኢሉ ንዝጠጠሮም የጥቅዕን፡ ንወተሃደራቱ ትርጉም ኣብ ዘይብሉን ዕረፍቲ ኣብ ዘይህብን ስራሕ ጸሚዱ ጅሆ ሒዝዎም ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

*ብኩለንተንኡ ኣብ ድኹም ኩነታት ዝርከብ ጃንዳ ህግደፍ፡ ኮሚሽን ዶባ ዝወሰነልና መሬት ኢትዮጵያ ብሓይላ ሒዛትልና ኣላ። ልኡላውነት ንምኽባር ድማ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ናይ ምትግባር ዓቕሚ ኣለና'ዩ እናበለ ይፍክር፡ ብተግባር ግን ቅድሚ ኩሉ ንኽብረት ልኡላውነት ብዝብል ሽፋን፡ ዘየድልይዎ ሰባት የጥቅዕ፡ ወተሃደራት ቀሲኖም መጻኢኦም ከይሪኡን ከይመያየጡን ትርጉም ኣብ ዘይብሉ ምኹዓትን ምድፋንን ድፋዓት ጅሆ ሒዙ የከላብቶም ምህላውን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰሙ ናብ ጎረቤት ኢትዮጵያ ዝኣተው ወተሃደራቱ ዝነበሩ ዜጋታት ኣረጋጊጾም።*

*እቶም ወተሃደራት ነበር ብዝሃብዎ ናይ ዓይኒ ምስክርነት፡ ኣብ'ዚ ወቕቲ'ዚ ኢትዮጵያ ክትሃርመና'ያ ዝብል ሽፋን፡ ክሳብ ደቂ 15 ዓመት ህጻናት ካብ መኣዲ ትምህርቶም፡ ሓረስቶት ካብ ዋኒን ሕርሻን ጉስነቶምን፣ ናብ ታዕሊም ይጓርቶም ከም ዘሎ፡ ምስምስ እናፈጠር ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ድጓናታት ዘሳቕዮም ዝነበረ ወተሃደራት ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ ናብ ዝነበርዎ መሳርዓት ይመልሶም ምህላው። ልዕሊ ኩሉ ድማ እቲ ዕጡቕ ክፍልታት ዕረፍቲ ረኺቡ መዘዝ ከይፈጥር ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብምንቅስቓስን ብከቢድ ናይ ጉልበት ዕዮን ተቖጻጺሩ ከፍዝዞ ይሰርሕ ኣሎ ክብሉ ኣረዲኦም።*

## ኣብ ከባቢ ማህሚመት ብፖሊሲ ተኩስካ ቅተል<br>2 ሰባት ተቐጢሎም 9 ከም ዝቖሰሉ ይግለጽ ኣሎ።

*ኣብ መሬት ኤርትራ ኣብ ከባቢ ማህሚመት ካብን ናብ ይንቀሳቐሱ ካብ ዝነበሩ ዜጋታት፡ ብሓለወ ፖሊሲ ተኩስካ ቅተል ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ሓደ ቆልዓን ሽዑ ንሽዑ ከም ዝተቐትሉ፡ 9 ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ 25 መጋቢት 2017 ኣብ መርበብ ኤሪ መድረኽ ዝወጽአ ዜና ኣረጋጊጹ።*

ብመሰረት ሓበሬታ ምንጭታትና ይብል እቲ ኣብ ኤሪ መድረኽ ዝተረኸበ ዜና፡ እቲ ግፍዓዊ ተግባር ብ13 መጋቢት 2017 ከም ዝተፈጸመ፡ ካብ'ቶም ነጋዶ ሰብ ሓደ ከም ዝተታሕዘ፡ ይኹን ደኣምበር ብ16 መጋቢት 2017 ገንዘብ ከፊሉ ከም ዝተለቀ፡ እዚ ሰብ ምስ ሓላፊ ስለያ ምክትታል ዶባት መጀር ታደሰ ገ/ስላሴ ( ወዲ ከረን) ጥቡቕ ዝምድና ከም ዝነበሮን ኣረዲኡ።

ኣተግበርቲ ፖሊሲ ተኲስካ ቅተል፡ ንገዛእ ርእሶም ኣብ ዲቕ ዝበለ ምስግጋር ሰባት ተዋፊሮም ዘይተኣደነ ገንዘብ ይግሕጡ ከም ዘለው፡ ንሶም ብዘይፈልጥዎ ኣገባብ ክሰግሩ ንዝፍትኑ ግን ብተመልከተለይ ተኲስን ፈንጂ ብምጽዋድን ህይወት ብዙሓት ሰባት ይቐዝፉ ከም ዘለው'ውን ሓቢሩ ኣሎ።

ብካልእ ፍልይ ዝበለ ዜና፡ ብእምነተን ምኽንያት ኣብ ዊዓ ተኣሲረን ዝጸንሓ ተኸተልቲ ሃይማኖት ጳንጠ ቆስጠ ዝኾነ ክልተ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ልዕሊአን ብዝተፈጸመ ጾታዊ ዓመጽ መግቢ ተሓሲመን ከም ዝጸንሓ፡ ኣዝየን ምስተዳኸማ ብ12 መጋቢት 2017 ናብ ሆስፒታል ባጽዕ ከም ዝተወዳ፡ ይኹን ደኣምበር ብ17 መጋቢት 2017 ኣብ'ቲ ሆስፒታል ብዘሕዝን ኩነታት ከም ዝሞታን መድረኽ ኣረዲኡ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 27-03-2017